*ንኤርትራዊት ዋዕሮ ክዝክራ*
*ዋጋ ዝኸፈለት ንመሰላ ንክብራ*
*ብፋሽሽታዊ ኢሰያሳዊ ጭፍራ*
*ብጉጅለ ህግደፍ ተመንዚዑ ክብራ’ ’*

*ብንሕና ንሱ ብውሽጢ ብደገ*
*ብህግደፋዊያን ሐመድ ከ ዕደ*
*ወሊዳ መኺና ኤርትራዊት ኣደ*
*ናብ ውግእ ተፈሪዱ ዘዝተወለደ’ ’*

*እቲ ነካይዶ ናይ ሐርነት ቃልሲ*
*ኣብ ባይታ ዓደቦ ዝህብ መልሲ*
*ሕጹብ መዓንጣ ተሳኢኑ ቀላሲ*
*ኣርዮስ ክንዲ ዝኸሰስ ኮይኑ ከሳሲ’ ’*

*ጅግና ተሳኢኑ መድሕን ህዝቡ*
*ኣብራኾም ዝሕምሽሽ ኣዝጊቡ*
*ጅግና ኣብራሃም ንደርግ ኣዲቡ’ ’*

*ሐየት ጅግና ወዲ ኤረ*
*ንዑሱባት ደርጊ ዘንፈርፈረ*
*ኣደ ወሊዳ ትምክሕ ወሰደ ዘበለ*
*ጅግና ወዲ ዓንደለ ናበይ ኣበለ*
*ንስለያ ደርጊ ኣድብዩ ዝመንከለ*
*ሕጂ ውን ጅግና ከም ወዲ ዓንደለ*
*ሑጹብ መዓንጣ ከምኡ ዩ ዝድለ’ ’*

*ኢሰያስ ዝመራሒኦም ጸረ ህዝቢ*
*ንለውጢ ዕሰል ኑሑስ ምስ ዓቢ*
*ምስ ፍትሐዊያን ተወደብ ተወደቢ’ ’*

*ኣታ ምስ መን ተሪፍና ምስ መን*
*ጀጋኑ ከፊልና ስ ምስ ዕንቅርቢት ተመን*
*ህዝቢ ኤርትራ ሞሳ ስውኣቱ ኣይረኸበን’ ’*

*ኣብራሃም ጅግና ናይ ጀጋኑ ፈዳይን ተሐሼ*
*ኣብ ቅድሚ ግንባር ብጅግንነት ዝተሰወኤ*
*ኣብ ባይታ ዓደቦ ንዳሎ ንደግማይ ትንሳኤ’ ’*

*ግብሪ ኣልቦ ናይ መልሓስ ጀጋኑ*
*ብክልተ ጎራሐት እንዳ ተመርሑ*
*ንምብትታን ህዝቢ ኤርትራ ዝሰርሑ*
*ካብ ቶም ዝዓበዩ ክሳብ ቶም ዝነኣሱ*
*ንፍትሐዊ ቃልስና ንድሕሪት ክመልሱ’ ’*

*ተቃወምቲ መሰል ተኺሎ ለያቡ*
*ብሽም ህዝብና ገንዘብ ዝድልቡ*

ሕልሚ ባባይ ትግራይ ኣይትሕለሙ
ኤረትራዊ ንኤርትራዩ ዝፈሰሰጸሙ’ ’

ኣስተውዕሉ ኦሞ ጸቂ ኤረ
ዘይተማህረ ይኹን ዘይተማህረ
ንህዝቢ ኤረትራ ማእከል ዘይኽበረ
ካብ ጫፍ ናብ ጫፍ ንህዝቢ ብማዕረ
ዋጋ የብሉን ብትምህርቱ እንተተጃህረ’ ’

ኩሉ ፈላጥ ጅግና ምስ ኮነ
ጸባ መሲልዎ ማይ ምስ ሐቖነ
ኣብ ጥራይ ጎልጎል ኣነ ኣነ ገነነ’ ’

ህዝቢ ኤርትራ ንነጻ ሃገሩዩ ናብ ባይታ ዝወረደ
ኢሰያስ ምስ ጉጅሉኡ ክድምረና እንደ ተሃንደደ
ባባይ ትግራይ ትምነዩን ህግደፍን ዕላማኹም ሐደ
ጥጁኡ ኣጀንደኹም ሕጂ ኣይኮነን ዝተጋህደ’ ’

ቃልስና ንግዝኣተ ሕጊ ዩ ይኮነን ንሐርነት
ብረዚን ዋጋ ብደምና ተረጋጊጹዩ ልኡላውነት
ወጊድ ኢድኩም ኣክቡ ካብ ደግማይ ኣንድነት . .

ብምድንጋርን ብሐሶትን ዝሃብተሙ
ተቃለስቲ ተመሲሎም ንቃልስና ዘደኽሙ
ገለ ጉልባቦም ቀሊዖም ገለን ብሑኝ ዝሰለሙ
ኣብ ኣስመራ ሪኢናዮም ስርሖም ምስ ዛዘሙ
ብከደዕት ቃልሲ ኣቅህምን እዩ ኣይትድኽሙ
ህዝብና ንሐርነት ዋጋ ይኽፍል ኣሎ ደጋጊሙ . .

ባወት ነቲ ደም ዝነብዕ ዘሎ ህዝቢ ኤርትራ ክብርን ሞጎስን ንጀጋኑ ሰማእታትና ኤረና ንለብዘበን እንበር ንባመታስ ሸዊት ለምለም፣ስዕረት ንጃንደ ህግደፍን ኣገልገልቶምን፣ንከደምቲ መረብ ምላሽ ኤርትራዊያን ኢና በሃልትን’ ’ገጣሚ ብባል ተ . ሐ . ኤ በርሀ ዑቅባዝጊ ካብ ሃገር ጀርመን 22 06 2024።